# መጋቢት 25

ስለምንታይ? ከመይ`ሉ...? ወጣሪ ሕቶታት
ወትሩ ዝሕከኽ ኮይኑ ዘይሓወየ  ቁስልታት
ዝሕንክር እምበር፡ ዘይረኸበ ፈዋሲ
መመሊሱ ዝጉዳእ፡ ኮይኒ`ሎ ረኻሲ!!
ካብ መጀመርትኡ ኣንፈ ክረኽበሉ
ነቲ ታሪኽ መኣዝን ከናድየሉ፣
ክዓትሮ እፍትን፡ ክጭብጦ
ክሓጉሞ`ዶ እብል፡ ኣብ`ቲ ዝሓበጦ
ወይስ ኣዕሚቑ ክነቕሶ፡ ብወረጦ?

ጀመሪት ትኾነኒ፡ ኣናድየ ሓንቲ ነቑጣ
ካብኡ `ዛ ብዕረይ ክትሕንጥጥ እንተሰለጣ!
እታ ነቑጣ ደቅቕ`ያ፡ ምሉቕ-ምሉቕ በሃሊት
ዝገደደ ግን፡ ግብዝ፡ ተሃዋሲት።
ምድቃቓ፡ መዓስ ዓሊጁኒ
ትምጠጥ፡ ትዝርጋሕ ም኿ናን`ዩ ዓጢጡኒ።

ግን... ግን... ዓሻ ድየ ኮይነ?
ዝነብር ኣብ`ቲ ሕሉፍ ድነ?
ሕጂ! እናሃለወ-  ዕለተዊ ስቕቕታ ህዝቢ
ዝርምስ! ዝቐዝፍ! ዘቃጽል!... ሽኣል ሰላቢ?

ግን ልቢ ግበሩ! እቲ ናይ ትማሊ፡ ኣሎ ሎሚ
ናይ ሎሚ፡  ይኸውን ንጽባሕ ኣማሚ!!
ታሪኽ `ሲ ....
እዩ ንሕሉፍን መጻእን ዝተኣሳሰር ጽኑዕ ሰንሰለት
ዘንተ ህላወኡ፡ ብቐጻሊ ዝኽሰት።
ብምኳኑ .........

ካብ`ቲ ባሕሪ ብጭልፋ
ካብ`ቲ ውዑይ `ቲ ሃፋ፡
ጥማዕ፡ ናይ`ቲ ሰፊሕ
ስድሪ ካብ`ቲ ገፊሕ፣
ክቕርብ`ሞ - ኣሀብትምዎ
ፈለግ ዩ፡ ይዛሪ ግደፍዎ።

...............................................

1981፡ ኣብ መወዳእታ ሰነ
ቅልውላው ህላወ መኣዝን ዝሰኣነ፣
ኣብ መጎራይብ`ዩ ጥቓ `ቲ ጎቦ ኣዳል
ኣኼባ ምስ ብርጌድ 97፡ ኣብ`ቲ ዓቕባ-ኣብ`ቲ ጽላል።
``ገስጋሲ ሓይሊ`` ኣሎ ዝሕግዘና .... በለ `ቲ ኣካቢ !!
ቁሩብ`ዩ ዘሎ ክስለፍ ኣብ ጎኒና... ወሰኸ - መራሒ`ዩ ዓቢ!!!
ይዝክረኩም`ዶ ኣንቱም ዝወዓልኩም?
ዓቕሉ ክጸቦ፡ ንኸምልስ ሕቶታትኩም
መን`ዩ `ቲ ``ገስጋሲ`` ወረ መን`ዩ?
ካበይ ዝመጸ? ኣበይ ዘሎ`ዩ?
--- እቲ ውጡር፡ ዝተሰርነቐ
ኣብ ክንዲ ዝምልስ፡ ነደረ ድኣ ሓረቐ።
ኣብ ተኾምቢያ(ሓምለ 11 1981)፡ ካልእ ኣኼባ
``ንስኻ `ምበር፡ ንውድብካ ዝከላኸል ካልእ የለን`` ኮነ `ቲ ዘረባ።
ውግእ (ሓምለ 15፡ 81) ኣብ ከባቢ ባድመ
ጅግና መኸተ፡ ሰራዊት ሓርነት
ንሱ `ኮ`ዩ እቲ ተባዕ ሰራዊት
ዘይሰዓር፡ ዘስዓርዎ
ተመሊሶም ``ክዋጋእ ዘየደለየ`` ኢሎም ዝኸሰስዎ።
ለካስ ኔርዎ`ዩ፡ ሕቡእ ዝተጠጀአ
ኣብ ራሳይ፡ ውስጠ-ምስጢሩ፡ ዝተቓለዐ፣

ናይ ነሃሰ 25፡ 81፡ ኣብ ሩባ ታህዳይ

**ወጋሕታ ጸሓይ በርቂ፡ ራኣናዮ ክሰግር ናብ ራሳይ፣**

**.... ሽዑ ንሽዕን`ከ....**

**ከበባ ብርጌድ 97፡ (ነሃሰ 25፡ 81) ብወተሃዳራት ሱዳን**

**ኮነ ኢልካ ዝተወደደ፡ ቅጽያ ም`ክርዳን።**

**ስዉእ መልኣከ ካብ ብርጌድ 97 ኣይተፈለየን**

**ክሳብ`ታ ዕለት ኣርደን (ብረት ምውራድ) ጠሪሹ ኣይረሓቐን።**

**ብርጌድ ካብ መጀመርታ 97 ታርጌት ዝ`ኾነትሉ**

**ድሕረ`የ፡ ኣስተብሂለሉ፣**

**`ቲ ናይ ም`ቕንጻ ጽላሎት እናሰዓበ**

**ኣብ ራሳይ፡ መጋቢት 25፡ 1982 ዘነበ።**

**ንሳ `ታ ራሳይ! ናይ ተሓኤ ዳግማይ ቀብሪ**

**ደበስ ዘይርከቦ፡  ኮነ ባይታ- ጨቃዊ፡ ጸባሪ።**

**ኣንቱም ኣብ ራሳይ ዝወዓልኩም፡ ዝተኣሰርኩም**

**ግለጽዎ `ባ ነቲ ር`ኹስ ዕለት ተንቲንኩም።**

**መሪር ታሪ`ኽ እንድ`ዩ፡ ካብ ውሽጢ ዝጎሰጠ**

**ተሪር ማህረምቲ፡ ብድሕሪት ዝዘበጠ።**

**እዛ ዕለት ሰንካም`ያ፡ ዝ`ኾነት ሰሪ**

**ንህንዳሰ ስልጣነ-ኢሳያስ ዝ`ኸፈተት በሪ፡**

**ንዕንወተ- ጽንተት ህዝቢ ኤርትራ**

**ኮነት ፈልፋሊት-  ንሕሰመ-መከራ።**

**ጸጋይ ነጋሽ**

**መገቢት 25 2020**